50 Lonsdale Street,
Melbourne Victoria 3000
Telephone: 1300 650 172
GPO Box 4057, Melbourne Victoria 3001
DX 210081

Tigrinya | ትግርኛ

27 ማርች 2025

**ኣገዳሲ እዋናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ምስግጋር ቤት ጽሕፈት መንበሪ ኣባይቲ ሰሜን መልቦርን (North Melbourne)**

ኣብ ነፍሲ ወከፍ መድረኽ ዳግመ ምምዕባል እዋናዊ ሓበሬታ ክንገብረልኩም ንደሊ። እዚ ደብዳቤ ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት የጠቓልል፦

- ንቤት ጽሕፈት መንበሪ ኣባይቲ ሰሜን መልቦርን (North Melbourne) ንምስግጋር ምድላው
- መደባት እንዳ ገስገሱ ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ

**ነቲ ብቋንቋኹም ዝተተርጎመ ሓበሬታ ንምርካብ ስካን ግበርዎ**

**ቤት ጽሕፈት መንበሪ ኣባይቲ ሰሜን መልቦርን (North Melbourne) ኣብ መስከረም 2025 ናብ ኣስኮት ቨይል (Ascot Vale) ክሰጋገር እዩ**

ከም ኣካል ናይ ዳግመ ምዕባለ ናይ ጎደና 33 Alfred፣ ጋንታ ሰሜን መልቦርን (North Melbourne) መንበሪ ገዛውቲ ናብ ናይ ቤት ጽሕፈት ኣስኮት ቨይል (Ascot Vale) መንበሪ ገዛውቲ ኣብ 12 Churchill Avenue፣ Ascot Vale ኣብ መወዳእታ መስከረም 2025 ክሰጋገር እዩ።

ጋንታ ሰሜን መልቦርን (North Melbourne) ንተኻረይቲ ምሕላይን ምድጋፍን ክትቅጽል እያ፣ ከም ኣካል ናይቲ ስጉምቲ ድማ ኣብ ጋንታ ሰሜን መልቦርን (North Melbourne) ዝኾነ ለውጢ ኣይክህሉን እዩ።

ጋንታ ሰሜን መልቦርን (North Melbourne) ተኻረይቲ ብሓቂ ዘድንቑዎ ዓቢ ስራሕ ከም እትሰርሕ ንፈልጥ ኢና፣ እዚ ድማ ክቕጽል እዩ።

ሓገዝን ደገፍን ብከምቲ ሕጂ ትረኽብዎ ዘለኹም መንገዲ ክትረክብዎ ትኽእሉ ኢኹም፣ እዚ ድማ ብኣካል ምርኻብን ናይ ገዛ ምብጻሕን፣ ብተሌፎንን ብኢሜይልን የጠቓልል።

ነቶም ሕጂ ትድውልሎም ዘለኹም ጋንታ ንመጻኢ እዉን ምድዋል ክትቅጽሉ ክትክእሉ ኢኹም።

**ስለምንታይ ኢና ኣስኮት ቨይል (Ascot Vale) መሪጽና?**

ብዙሓት ኣማራጺታት ዳህሲስና ኣለና፣ ኣስኮት ቨይል (Ascot Vale) ድማ በዞም ምኽንያታት ተመሪጸ ኣላ፦

> **ናይ ቀረባ ቦታ፦** ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኣስኮት ቨይል (Ascot Vale) ካብ ሰሜን መልቦርን (North Melbourne) ሰለስተ ኪሎ ሜትር ጥራይ ርሒቓ ትርከብ። እዚ ቤት ጽሕፈት'ዚ'ውን እቲ ጋንታ ፍለሚንግቶን (Flemington) መንበሪ ኣባይቲ ዝሰርሓሉ ቤት ጽሕፈት እዩ።


**ስሉጥ ምስግጋር፦** ቤት ጽሕፈት መንበሪ ኣባይቲ ኣስኮት ቨይል (Ascot Vale) ከም ቤት ጽሕፈት መንበሪ ኣባይቲ ድሮ ተዳልዩ ኣሎ፣ እዚ ማለት ድማ ንሕና ኣብ ንእንቕይረሉ ንተኻረይቲ ተበጻሕቲ ምኻን ክንቕጽል ኢና ማለት እዩ – እዚ ድማ ንተኻረይቲን ሰራሕተኛታትን ጽቡቕ እዩ።

**ናይ ምትሓዝ ዓቕሚ፦** ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኣስኮት ቨይል (Ascot Vale) ንጋንታ ሰሜን መልበርን (North Melbourne) ንምትእንጋድ እኹል ቦታ ኣለዎ።

**ውሕስነትን ምኽባርን፦** እቲ ቤት ጽሕፈት ንማሕበረሰብን ንሰራሕተኛታትናን ውሑስ ምኳኑ ከነረጋግጽ ኣለና። ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኣስኮት ቫል (Ascot Vale) ድሮ ንውሕስነት፣ ጸጥታ ዝምልከት ጠለባት ዘማልእ ኮይኑ፣ ከምኡ'ውን ከም ናይ ውልቀ ኣኼባ ክፍልታት፣ ቴክኖሎጂ፣ መሕጸቢ ኣካላትን ክሽነ ሰራሕተኛታትን ዝኣመሰሉ መሳለጥያታት ኣቑሙ ኣሎ።

**ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኣስኮት ቫል (Ascot Vale) ኣበይ ይርከብ?**

12 Churchill Avenue፣ Ascot Vale




**መደባት እንዳ ገስገሱ ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ**
ጋንታ ሰሜን መልበርን (North Melbourne) ኣብ መወዳእታ መስከረም 2025 ናብ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ኣስኮት ቫል (Ascot Vale) ክነሰጋግር ኢና ንዳሎ ዘለና። እቲ መደብ እንዳገስገሰ ክንሕብረኩም ኢና፣ ከምኡ'ውን ዘድልየኩም ክንክንን ደገፍን ከም ዝረኽብኩም ክነረጋግጽ ኢና።

ኣብ ዞባ ሰሜን መልበርን (North Melbourne) እንታይ ይፍጸም ከምዘሎ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ፦
https://www.homes.vic.gov.au/precincts/north-melbourne-precinct